# ኣብ ከተማ ለንደን ንሓደ ሰሙን ክካየድ ዝቖነየ መበል ሳልስይ ዓመታዊ ኮንፈረንስን ፌስቲቫልን ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ ብዓወት ተዛዚሙ፡፡

ለንደን (ነሓሰ 22/2009)

ኣብ ከተማ ለንደን ብዝተፈላለየ ምድላወት ክካየድ ዝቐነየ መበል ሳልሳይ ዓመት ኮንፈረንስን ፌስቲቫልን መሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ ብዓወት ምዝዛሙ ጉዳያት ርክብ ህዝቢ እቲ ማሕበር ኣፍሊጡ፡፡

ኣብቲ ክሳለጥ ዝፀንሓ ኮንፈረንስ ላዕለዎት ኣመራርሓ ክልል ትግራይ ካብ ዝተፈላለያ ሀገራት ኣውሮፓ ምስ ዝተወከሉ ዳያስፖራ ተጋሩ ዘሳለጥዎ ዘተ ዝልዓለ ምርድዳእ ካብ ዝተገበረሎም መድረኻት እቲ ሓደ ምንባሩ ተገሊፁ ኣሎ፡፡ መራሒ እቲ ልኡኽ ምክትል ርእሰ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ዶክተር ኣምባሳደር ኣዲስኣለም ባሌማ ኣብቲ ዘተ ከምዝገለፅዎ ኣብ ትግራይ ከተማ መቐለ ዝትሃነፀ ኢንዳስትሪያል ፓርክ ሰብ ሀብቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ብዝልዓለ ብርኪ ዝጠልብዎ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ፡፡

ከምዚኦም ዝበሉ ቢሮራሲያዊ ዓንቀፍቀፍ ዘወግዱ ፓርክታት እናተጠናኸሩ ክኸዱ ንምግባር ኣብ ዞባ ምዕራብ መንግስቲ ክልልና በጀት መዲቡ ናይ ኣግሮ ኢንዳስትሪ ፓርክ ክህነፅ ምንቅስቓስ እናካየደ ምኻኑ ዝገለፁ ዶክተር ኣዲስ ኣለም ዳያስፖራ ማሕበረሰብ ብተናፀልን ተወዲቡን ናብ ኢንቨስትመንት ክወፍር ከምኡውን ነዘን ትካላት ብምፍላጥ ብዝልዓለ ብርኪ ክነጥፍ ፀዊዖም፡፡

ናይቲ ዘተ ተሳተፍቲ ብወገኖም ማሕበሮም ብምጥንኻር ኣብ ኩሎም ዓውድታት ልምዓት ብንጥፈት ንምስታፍ ዘኽል ኩነታት ንምፍጣር ኣብ ዝካየድ ዘሎ ምንቅስቓስ ንምጥንኻር ዘኽእልዎም ውዳበታት ናይ ምጥንኻር ስራሕቲ ጎና ጎኒ እቲ ፌስቲቫል ምክያደሙን ንተግባራውነቶም ከምዝረባረቡን ኣፍሊጦም፡፡

ኣቦ ወንበር ማሕበር ተጋሩ ኣውሮፓ መንእሰይ ኣክሊሉ ሓጎስ ብወገኑ እታ ማሕበር ከምብሓድሽ ካብ እትጣየሽ ንነዘ ንሳልሳይ ግዜ ዝተሳለጠ እዚ ኮንፈረንስን ፌስቲቫልን ፉሉይ ዝገብሮ ክንደይ ዝኣክል ናይ ሓድነትና መግለፅን ጥንክርናናን ምሕዝነትናን ዘድጉሕ ናይ ሓባር ዓብይ ጉዳይ ምኳኑ ዘመላክተና ጥራሕ ከይኮነስ ዘኹረዐናን ዘሐብነናን መዓልቲ እዩ

ተሰዊኦም ከም ጥዋፍ ነዲዶም ነዓና ብርሃን ኮይኖም ንዘሓለፉ ጀጋኑና ኣሰር ብምኽታል ‘’ንሕና እውን ማሕበረሰብ ተጋሩ ኣውሮፓ እቲ ዝሓለፈ ገድሊን ሓደራን ከይረሳዓና ሓድነትና ብምጥንኻር ግዴታናን ሓላፍነትናን ከይዘንጋዓና ኣብ ሙሉእ ኣውሮፓ መሓውርና ብምስፋሕን ህዝብናን ብምትሕብባርን ከም ብሓዱሽ ነቲ ዝነበረ ታሪካዊ ማተኤ ብቅርፂ ኣወዳድባ መስርሕን ብህንፃ ኣወዳድብኡን ፣ ኣብ መሰረታዊ እሴታቱን ራእዩን ብምሕዳስ ፣ በቢዓዱ ሃገራት ኣውሮፓ ጨናፍር ብምቁቛም ኣብ ዓድና ህዝብናን መንግስትናን ዝማኸረሉን ዝደጋገፈሉን ፣ ኣብ ሰላም ልምዓትን ዲሞክራሲን ብምጥማት ሃገራዊ ግልጋሎት ንምሃብ ምችው ኩነታት ተፈጢሩ ኣሎ ክብል ኣቦ ወንበር ማሕበር ማተአ ኣፍሊጡ ፡፡